ህዝቢ ኤረትራ ብደምና ኣራጋጊጽናዮ ነጻነትና ንረፈረንደም ኣይኮናን ን30 ዓመት ዝደመና..



(ን25 ዓመት ምልኪ ባርነት ያኣክል) ሐቂ ንፍቶ ንሐቂ ሐቂ ክንብል እዩ ዘምሕረልና) ንረፈረንደም ኣይኮናን ን30.ዓመት ተቃሊስና ብደምና ዘረጋገጽናያ ቀያሕትን ጸለምትን ዝኸፈልናላ ነጻ ሃገር እንበር ነጻ ህዝቢ የብልናን፡፡ኤረትራ ንጀብሃና ንግንባርና ንኹልና ብማዕረ እያ ትብጻሐና ግን ኸ ዕድልና ኮይኑ፡ ብገድሊ ዝፈረዮም ኣትማን መሰል ህዝቢ ተጨውዩ፡ን25 ዓመት ብዘይ ቁዋም ህዝብና ቆጺ ዘይውደቖሎም ኢሰያስ ምስ ጉጅልኡ መራሕቲ ኮይኖም፡ገለ ብጉርሒ ገለ ብሸርሒ ዓንቀፍቲ በዚሖም ናይ ሐርነት ቃልሲ ክሳብ ሎሚ ንምዕዋቱ ኣይተኻእለን፡ስለ.ዚ ብስኒት ካብ ንሕና ንሕና ኣነ ኣነ ውዲና፡ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚ ኹሉ ሰሪዕና ኣብ ርብዒ ዘመን ሐሶት መኸተን ልምዓትን ዘይኮነስ ታሪኽና ኣሔድስና ጸረ ፋሺሽታዊ ምሕደራ ህግደፍ ቃል ኣቲና ብሓባር ነቶም ብሐሶት ዓወት ንሐፋሽ ጨሪሖም ዓዲ ምስ ኣተዉ፡፡

ን25 ዓመት ንዕቀት ሳዕሪርዎም ሰሙን ሰሙን ዲና በጊዕ ክንሐርደልኩም እናልካ ንወለዲ ጀጋኑ ሰዉኣት ባጫን፡ንህዝቢ መን ኩንትራት ሂቡኒ ኢሉ ዝሐጨጨ ክንዲ ንቃለስ፡፡እቶም ንተጻብኦታት ህግደፍ ሕጊ ይንገስ ኢልና ክንምክት ዝጸናሕና ከም ዘይሃገራዊያን ዝተቖጸርና ከምኡ ዘይበልና፡ ዝገደደ ናይ ቶም ካብ ገግኦም ዘይተማህሩ፡ ንደንበ ተቓውሞ ዘማርሩ፡ንዋዕላ ንጉባኤን ተዓዲሞም ኣብ ኢትዮጵያ ኣይፋል ኢሎም ዝተሐሰሙ፡ክንዲ ዘኾለስኩ ኢደይ ተነኸስኩ፡ ምስኦም ኮይኖም ከምዘይ ደበሉ ተሐቲቶም ወያነ ጸላኢትና እያ ይብሉ፡ ገለ ሔራይ ኢሎም ኣብ ክልቲኡ ተኸካፊሎም ንቃልሲ ዘዳኽሙ ውሕዳት ኣኮኑን፡ እቶም ዝተሐሰሙ ካኣ ተገምጢሎም ጎሲኹምና ኢሎም ይኽሱ ንሕናስ ምእንቲ መጎጎ ትሕለፍ ኣንጭዋ ኢልና ክንደይ እኳ ሐዲግና ሐቍፍናኩም ኢና እሞ ዓገብ እዩ መልስና፡ካብ ሕጂ ንንዮው ግን ኹልና ደለይቲ ፍትሒ ንድሕነት ህዝቢ እንተ ዘይሰሪሕና ፡መናዋሕቲ ዕምሪ ዲክታቶር ምኧና ክንፈልጥ ይግባኣና፡፡

እወ ኣሰር ፈላሚ ሰውራ ጅግና ስዉእ ሐምድ እድሪስ ዓዋተ ሞት ሐረ፡ኣስላማይ ክስታናይ ኩሉ ህዝቢ ኤረትራ ብማዕረ ንምሉእ መሰል ርእሰ ውሳነ መተካእታ የብሉን ኢሉ እዩ ግዳም ዝሐደረ፡ን30.ዓመት ኣብ ቁርን ኣሳሐይታን መሰዋርትን

ስንክልናን ክቡር ዋጋ ዝኸፈሉ ደቂ ኤረ፡፡ ከም መትከል ተ.ሐ.ሌ ንምሉእ መሰል ርእሰ ውሳነ ኢሉ ስለ ዘይወጸ ምስ ደቂ ሐትኑሉን ሐወቡሉን ኮይኑ ን.ተ.ሐ.ሌ ኣብ ማእከልና ሃሱሳት ሊኢኹ ኣዳኺሙ ንወያነ ሒዙ ንተሐሌ ደፊሉ ምስ ኣውጸኣ፡፡ካብ ፍደገ ኣስመራ ንድሕሪት ተመሊሱ ማእለያ ዘይብሉ ህዝቢ ኣጥፊኡ፡ ብድሕሬና ድሕሪ 11.ዓመት ብ91 ኤረትራ ነጻ ምስ ወጸት ኣብ ክንዲ ነጻነት ምእዋጅ ንህዝቢ ናብ ንረፈረንድም ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ዘንበርከኸ፡፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ማለት ደርጊ ካብ መላእ ኤረትራ ምስ ተባረረ ረፈርንድም እንታይ ኣምጽኦ ብረፈርንድም ተዓዊትና ኢሉ ዝተጃህረ፡እሞ ወለዶ ሎሚ ማእሰርትን ሞትን ብህግደፍ መሪርዎ ካብ ሃገሩ ምስ ተባረረ ብውጽኢት ረፈረንድም ድሕሪ ን25 ዓመት ባርነት ኣሎዶ ዝተማራመረ፡፡ካብዚ ተበጊሰ ከምዚ እንዳበልኩ ክላቦ እዚ ፓልቶክ ጸረ ጃንዳ ህግደፍ ብዙሕ ኣድማዒ ስራሕ ሰሪሑ ስለ ዝኾነ ከም ቀደምና ክንጥቀመሉ እንዳ ተማሕጸንኩ፡፡ነቶም ኣብ ኢስራኤልን ኣብ ኖርወይን ኣብ ጀርመንን ጸረ ዳንከራ ጃንዳ ህግደፍ ልሳን ህዝቦም ኮይኖም ተቓውሞ ዘሰምዑ ብኣኩም ሕቡናት ኢና ኣጀኹም ኣጀና ናይ ግድንዩ ዓወትና፡፡ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ ነጻነትና ምሩጻት ከፊልና ዘረጋገጽናዮ ብወርቅን በልማዝን ብምልዮናትን ኣይትመንንዩ፡፡

ካብ ረፈርንድም መን ተጠቒሙ ንሱ ጃንዱሉን፡፡ንምሉእ መሰል ርእሰ ውሳነ ካልእ መተካእታ የብሉን ሎሚ ንስኹም ተሐጎሱ ኣብ ፍትሐዊ ኤረትራ ካኣ ንሕና ኣብ መቃብር ጭፍራ ህግደፍ ፍትሒ ክነግስዩ፡፡

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና መግለጺ ንጽንብል 25 ዓመት፡ በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ ፡